

# ብሥራት

ታሕሳስ - 2018 ዓ.ም.ፈ. ኀታም ቍ.128 ካቶሊካዊ ቤት ጽሕፈት ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ (Catholic Secretariat – Archeparchy Asma-

## ታሕሳስ 2018

### ኢዮቤል 200 ዓመት ምስረታ ማኅበር ደናግል ኦርሶሊነ ዘድንግል ማርያም

ማኅበር ደናግል ኦርሶሊነ ዘንጽሕተ ድንግል ማርያም ካብ ዝምስረት 200 ዓመት ገይሩ። ኣብ ሃገርና ኤርትራ ካብ ዝኣቱ ድማ 80 ኣቢሉ ገይሩ ኣሎ።እዚ ማኅበር እዚ ብ 3 ታሕሳስ 1818 ኣብ ጋንዲኖ ሰሜን ጣልያን ብእባ ፍራንቸስኮ ደላ ማዶናዝተባህሉ ናይ ሰበኻ ክህን እዩ ተመስሪቱ። ክቡር ኣባ ፍራንቸስኮ ብ1771 ኣብ ጋንዲኖ ዓዲ ጣልያን ተወልዱ፡ ብ1793 ከኣ መዓርግ ክህነት ተቀበሉ። ካብ 1793 ክሳብ 1814 ብመኽንያት ውግእ ብስደት ንሸንስያ ክልተ ግዜ ከይዶም፡ ካብ 1814 ክሳብ 1829 ከእ ኣብ ጋንዲኖ ምኽትል ቆሞስ ኮይኖም የገልግሉ ኣብ ዝነበሩሉ ግዜ ብ 3 ታሕሳስ1818 ማኅበር ኦርሶሊነ መሰረቱ። ካብ 1829 ክሳብ 1834 ቆሞስ ናይ ጋንዲኖ ኮይኖም ከገልግሉ እንከለዉ ንሰልሳይ ግዜ ብስደት ንበርጋሞ ከዱ፡ ብ1846 ከኣ ኣብ ገዳም ኮንቨንቲኖ በርጋሞ ብሰላም ዓረፉ።

### ኣመስራርታ ማኅበር ኦርሶሊነ ፡-

ክቡር ኣባ ፍራንቸስኮ "እዘንኣዋልድ ኣብ ፈቐዶ ጎደናታት ክጻወታ ይውዕላ ኣለዋ፡ ብዙሕ ድማ የደንግጻኒ" ብምባል እዮም ብዓቢ ርሕራሔ ብዛዕባ ደቂ ኣንስትዮ ሓሳቦም ክገልጹ ዝጀመሩ። ኣብቲ ግዜ እቲ ብምኽንያት ውግእ ናፖልዮን ቦኖፓርት ሕዝቢ ዓዲ ጣልያን ኣብ ከቢድ ዕንወትን ውድቀትን እዩ ነይሩ። ልዕሊ ኩሉ ግና ሞራልውን ሰብኣውን ሕይወት ጓል ኣንስተይቲ ተሃስየ። ንክቡር ኣባ ፍራንቸስኮ እዚ ኩነታት እዚ ብኸቢድ ስለ ዘተሓሳሰቦም ብመሪሕነት መንፈስ ቅዱስነዚ ኩነታት ንምልዋጥ ኣብ ትሕቲ ሓልዮት ኣምላኽ እምነቶም ኣሓይሎም ብትብዓት ተበገሱ።ብዘየቋርጽ ጸሎት፡ ኩሉ ሓይሎምን ጻዕሮምን ኣዋዲዶም ድማ ናብ ትግባረ ገጾም ኣምሪሖም።

እግዚኣብሔር ከኣ ብሓልዮቱ ነዚ ተልእኮ እዚ ዘሰላስላ ብውፉይ ሕይወት ክነብራ ዘተጸውዓ መንእሰያት ቀረበሎም። ብኸምዚ ከኣ ካብ ቁምስናኦምን ካልእን ብዝተኣኻኸባ 11 መንእሰያት ማኅበር መስረቱ። እዚ ክብሃል እንከሎ ግና ኣባ ፍራንቸስኮ ውሑስ ዝኾነ ናይ ናብራ ትሕዝቶን ዓቅምን ስለ ዝነበሮም ኣይኮነን። ቀዳሞት ደናግል ደቂ ማኅበር ንኣመሰራርታ ማኅበር ክገልጻ እንከለዋ "ኣብ ዕራቓ ዝወጸት ድኽነት እዮም መስረቶማ" ይብላ።ኣባ ፍራንቸስኮ ብትሕዝቶ ድኻ ብመንፈስን እምነትን ግና ሃብታም ከምዝነበሩ ታሪኾም ይገልጸልና።

### ዕላማን ተልእኮን ናይዚ ማኅበር፡-

ብመንፈስ ርሕራኄ ኣብ ክርስቲያናውን ሰብኣውን ተልእኮ ኩስኮሳ ደቂ ሰባት ብሓፈሻ፡ ዝያዳ ኣቓልቦ ድማ ኣብታ ውጽዕትን ዕድላት ዝተነፍጋ ጓል ኣንስተይቲ ብምትኳር ንኽብሪ ኣምላኽን ንድኅነት ደቂ ሰብን ምቛም ኢዩ። እዚ ማኅበር ኣዚ ኣብ ውሽጢ ቤተ ክርስቲያን ብሕጊ ዝቖመ ምእንቲ ክኸውን ኣባ ፍራንቸስኮ ብዙሕ ጸለዩን ጽዓሩን። ኣብቲ ግዜ እቲ ምእንቲ ኩስኮሳ ጓል ኣንስተይቲ ዝተወፈያ ዓለማውያን ውፍያት ደቂ ኣንስትዮ ብቅድስቲ ኣንጀላ (1474-1540) ዝተመስረታ ድሮ ብቤተርክስቲያን ተፈላጥነተን ዘረጋገጻ ነበራ። ኣባ ፍራንቸስኮ ድማ መንፈስ ናይዛ ዓባይ ቅድስቲ ብምውሳድ ምስ ደቆም ብምልዛብ መንፈሳን ሕጋን ክወስዱ መረጹ።ከምኡ እውን ከምቲ ቅድስቲ ኣንጀላ ንደቃ ኣብ ትሕቲ ጽላል ቅድስቲ ኦርሶላ ብምምዕቃብ ኦርሶሊነ ብዝብል ስም ዝጸውዓተን፡ ኣባ ፍራቸስኮ ድማ ንደቆም በዚ ስም እዚ ክጽውዕወን መረጹ። ቅድስቲ ኦርሶላ ብሳልሳይ ክፍለ ዘመን ንኽብረ ንጽሕናኣ ብኸተርቲ ባርባራውያን ብስማእትነት ሕይወታ ንፍቅሪ ኣምላኽ ዘወፈየትን ዝመስከረትን ዓባይ ቅድስቲ እያ።

ኣባ ፍራንቸስኮ ንማኅበሮም ኣብ ትሕቲ ጽላል እዘን ክልተ ዓበይቲ ቅዱሳት ክምስርቱ እንከለዉ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ጓል ኣንስተይትን ዕብየታን ዝነበሮም ራኢ ንምትግባር ከም ኣርኣያን ሓለውትን ማሕበር ብምውሳድ ኣብቲ ዝነበረን መርገጺ ፍጹም ብምስምማዕእዮም።
ሎሚ እዚ ማሕበር እዚ ኣብ ሰለስተ ክፍሊ ዓለማት ማለት፡ ኣብ ኤውሮጳ፡ ኣብ ኣፍሪቃን ላቲን ኣመሪካን ተዋፊረን የገልግላ ኣለዋ። ቁጽሪ ኣባላተን ድማ ብደረጃ ዓለም 363 በጺሑ ኣሎ።

ሰንበት ብዕለት 2 ታሕሳስ 2018 ከኣ ብመኽንያት መበል 200 ዓመት ምስራተ ማሕበረን፡ ደናግል ኦርሶሊነ ዘንጽሕተ ድንግል ማርያም ኣብ ሃገርና ኤርትራ ብዓቢ ክብረ ጸንቢለንኦ ዊዒለን። እቲ ብዓል፡ካበየ ቁምስናታቶም ዝመጹ ብዙኃት ውሉደ ክህነትን ምእመናንን ኣብ ዝተረኽብሉ፤ ብጸሎት ሳልስትን ብናይ እቲ በዓል መስዋዕተ ቅዳሴን ካልእ መደባትን ተሰንዩ፣ ብዓብይ መንፈሳውነት ከቢሩ ውዒሉ።በዚ ዕለት እዚብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥትኣብ ተስፋማርያም ብትሸዓተ ለባስያን ካህናት ተሰንዮም ዝመርሕዎ መስዋዕተ ቅዳሴ ዓሪጉ። ድሕሪ ንባብ ቅዱስ ወንጌል ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣብ ዘቅረብዎ ቃል ስብከት፡- መጀመርያ ኣመሰራርታ እቲ ማሕበር ኣሕጽር ኣቢሎም ምስ ገለጹ፡ ኣስዒቦም ከኣ ``እዚ

ናይ 200 ሚእቲ ናይ ምስጋና ዓመት ንኹላትና ይምልከተና እዩ ከመይ ደቅና እየን። ነዚ ናይ ማሕበረን መንፈሳውነት ሒዘን ክነብራ ካብ ዝጅምራ ኣብ ሃገርና ናብ 80 ዓመት ኣቢሉ በጺሑ ኣሎ። ስለዚ ምስኣን ሓቢርና ክነምስግን ይግባእ። እዚ ምስጋና እዚ ከኣ ብሓደ ወገን ሓላፍነት እዩ፡ ምኽንያቱ ብዝዓበየ ናህርን ፍቅርን ተወፋይነትን ክትልኣኻን ወንጌል ክትሰብካን ይድርኸክን እዩ።

እቶም ዝመስረቱኽን ካብ ጋንዲኖ እውን ትወጸ ይመስሎም ኣይነበረን ይኸውን ሕጂ ግና ምስተን ዝሓለፉ ኣደታትክንን ኣሓትክንን ደቅኽንን ሓቢሮም ኣብ ሰማይ የመግኑ ከምዘልዉ ርግጽ እዩ። ኣብቲ ዘንበብናዮ ወንጌል ምልስ እንተ በልና ክልተ ክፍሊ ኣለዎ። እቲ ቀዳማይ ኢየሱስ ክርስቶስ ክሰብኽ ድሕሪ ውዒሉ ኣብ ጃልባ ምስ ደየበ ደቂሱ፡ ሽዑ ብርቱዕ ማዕበል ይልዓል እሞ ደቀ መዛሙርቱ ጠፋእና ኣድሕነና ኢሎም የትንስእዎ፡ ንሱ ድማ ኣቱም ሰብ ውሑድ እምነት ኣነ ምሳኹም እንከሎኹ ንምታይ ትፈርሑ፡ ኢሉ ነቲ ማዕበል ይግስጾ ኣሞ ይሃድእ። ኣብዚ ንዓና ዝኸውን ትምህርቲ ኣሎ፡ እዚ ማለት ኢየሱስ ኣብ ዘለዎ ሰላምን ቅሳነትን ህድኣትን ኣሎ። ኢየሱስ ምሳና ከምዘሎ ስለ ንርስዕ ኩሉና ብብዙሕ ነገር ንጭነቅ ኢና። ከምቲ ኢየሱስ ዝብለና ተጨኒቅና ነፍርሮ ፍረ ሰለ ዝይብልና ንዕኡ ኣሚንና ደው ንበል።

እቲ ካልኣይ ክፋል ናይዚ ዘንበብናዮ ወንጌል ከኣ መድኅኔ ዓለም ኢየሱስ ነቲ ማዕበል ኣህዲኡ ካብ ጃልባ ምስ ወረደ፡ናብ ስግር ሃገር ጌርጌሰኖን ምስ በጽሐ፡ክልተ ሰብ ሕሱማት ኣጋንንቲ ዝሓዝዎም ይጓነፍዎ። ንሱ ጎይታ ኩሉ ስለ ዝኾነ ከኣ ከይተዛረበ እንከሎ “ኢየሱስ ወዲ ኣምላኽ ንሕና ምሳኻ ንስኻ ምሳና እንታይ ኣሎካ ከተጥፍኣና ዶ መጺኣካ? በል ናብዘን ሓሳሙ ስደደና” ኢሎም ይልምንዎ እሞ ምስ ኣፍቀደሎም እተን ሓሳሙ ኩለን ኣብ ባሕሪ ጠሊቀን ይሞታ። እቶም ጓሶት ድማ ንዓዲ ኣትዮም ምስ ነገሩ እቲ ሕዝቢ ተኣኪቡ መጺኡ ክንዲ ከምቲ ሰብ ሰማርያ ዝገብርዎ ምሳና ናብ ዓዲ እቶ፡ ምሳና ቀኒ ዝብልዎ፡ ካብ ዓድና ኪደልና ኢሎም ይሰጉዎ። ዓቢ ዕድል መጺእዎም እናረኣዩ፡ ይትረፈና ሓሳሙና ይሕሸና፡ ንብረትና ይሕሸና፡ ዘሎናዮ ሕይወት ይሕሸና፡ ኪደንልና ኣይንደልየካን ኢሎሞ። ንሕን እውን ከምኡ ንገብር ኢና። ሓደ ሓደ ግዜ ኣምላኽ ቅርብ ክብለና እንከሎ ጽናሕ ንብሎ። ከምዘሎናዮ ይሕሸና ንብለሉ ግዜ ብዙሕ እዩ። ከመይ ኢየሱስ እንተ መጺኡ ክርብሸና እዩ። ከምዘሎናዮ ክንተርፍ ኣይንኽእልን ኢና፡ኢየሱስ እንተ ቀሪቡና ብርሃን ክንለብስ ኢና፡ውሳኔታት ክንገብርን ሕማቅ ልምድና ክንገድፍን ክንግደድ ኢና። ኢየሱስ እንተ መጺኡ ከቃልዓኒ እዩ ብምባል ንፈርሕ፡ ስለዚ ከምዘልናዮ ይሕሸና ብምባል ኣይውዕይ ኣይዝሑል ሕይውት ሒዝና ንተርፍ። ፍቁራት ሕዝበ ክርስቲያን፡ ኣይንፍራሕ ጎይታይ ኩሉ ካባኻ ኩሉ ምሳኻ እናበልና ከነመስግኖ ይግባእ።

ማሕበር ደናግል ኦርሰሊነ እውን እዚ ወንጌል እዚ ብሓቂ ክጠቅመክን እዩ። መጀመርያ 200 ዓመት ጌርና እምነትና ከመይ ኣሎ ኢልክን እምነትክን ክትፍትሻ፡ ካልኣይ ድማ እቲ ዝተዋህበና ዕድል ተጠቂምናሉዶ? እዚ ናይ 200 ዓመት ኢዮቤል ዓቢናሉዶ? ተለዊጥናሉዶ? ኢልክን ክትሓታ ዕድል ተዋሂቡክን ኣሎ። ኣብነት እኖና ማርያም ተኸቲልክን ኣመስግና። ንጉስ ሰላም ሰላማዊ ኢየሱስ ክርስቶስ እቲ እንምነዮ ጸጋ ይሃበና፡ ዝሰማዕናዮ ኣብ ልብና የሕድረልና።” ብምባል ቃል ስብከቶም ዛዘሙ። ቅዳሴ ምስ ተዛዘመ ከኣ ክብርቲ ሓላቃ ማሕበር ኦርሶሊነ እናቴ ሮዚና ኢዮብ ቃል ምስጋና ኣቕረበን።

ድሕሪ ምሳሕ ከኣ ብመንእሰያት ቁምስና ደብረ ባእታ ማርያም ታሪኽ ሕይወት ኣባ ፍራንቸስኮን ኣመሰራርታ ማሕበርን እትገልጽ ድራማ ቀረበ። ኣብ መጨረሻ ድማ እቲ ብዓል ብመዝሙር ምስጋና ተዛዙሙ።

## ዓመታዊ ክብረ ብዓል ደብረ መድኀኔ ዓለም ደቂ ዘርኡ

ዓመታዊ ኽብረ በዓል ደብረ መድኃኔ ዓለም ደቂ ዘርኡ ሓሙስ 6 ታሕሳስ 2018 ዓ.ም. ካብቲ ከባቢ ዝመጹ ነጋድያን ውሉደ ክህነትን ምእመናንን ኣብ ዝተረክብሉ፡ ብዓብይ መንፈሳውነትን ከቢሩ ውዒሉ።

ብድሮ ሮቡዕ ንመቀራረቢ ብዓል ተባሂሉ ብሱባኤ ዝጀመረ ብዓል፡ ኣብቲ ድሕሪ ቀትሪዝቀጸለ ስርዓተ ዋዜማእውን፡ያሬዳውያን መዘምራንን ካህናትን ብምውቅ ዝበለ ጥዑም ዜማን ቅኔን፡ ንመድኃኔ ዓለም ከመስግኑን ክውድሱን ኣምስዮም። ኣብቲ ብለይቱ ዝጀመረ ጸሎት ማኅሌት ከኣ ክሳብ ቅዳሴ ዝጅምር ቆይሞም ከዚሙ ኣጽብሒሙ።ማሕሌት ዘለሊት ምስ ተፈጸመ ክቡር ኣባ ቶማስ ነጋሽ ምስ 5 ለባስያን ካህናትዝመርሕዎ መስዋዕተ ቅዳሴ ዓረገ።

ድሕሪ ቅዳሴ ከምቲ ልሙድ ካብ ቀጽሪ ቤተክርስቲያን ወጻኢ ዑደት ምስ ተገብረ፡ ያሬዳውያን ንኽብረመድኃኔ



ዓለም ብዝገልጽ ዜማ ወረብ ምስ ገበሩ፡ ካብ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ ዝመጹ ማሕበር

ኣባጽሕ መንእሰያት ብሕብረት ዘሚሮም።

ኣብ መጨረሻ ከኣ ክቡር ኣባ ቶማስ ነጋሽ ንነጋድያን ኣብ ዘስምዕዎ ቃል ስብከት፡ "ክቡራን ምእመናን እንቋዕ ናብዚ ክቡር ክብረ ብዓል ብድሓን ሰላም ኣብጽሓና። ትርጉም ብዓል መድኃኔ ዓለም ሕመረት እምነት ክርስትና እዩ። መን ሙኻንካን ካበይ ከምዝመጻእካን ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። መንነቱ ዝፈለጠ እዩ ካይዳኡ ዘዐሪ። ንሕና ክርስቲያን ክቡር መንነት ዘሎና ብኽቡር ዋጋ ዝተዓደግና ኢና። ቅዱስ ጴጥሮስ ኣብ መልእኽቱ ነዚ ኣመልኪቱ ክገልጸልና እንከሎ "ብደም እቲ ኣበርን ርኽሰትን ዘይብሉ ገንሸል፡ ማለት ብኽቡር ደም ክርስቶስ ኢኹም ዝድሓንኩም እምበር ብጠፋኢ ነገር፡ ብብሩር ወይ ብወርቂ ከም ዘይኮነ ትፈልጡ ኢኹም" (1ጴጥ 1፡18-19) ይብለና። ቀጺሉ እውን "ነቲ ናብ ክብሩን ሕያውንቱን ዝጸውዓና ብምፍላጥና. . . . ተኻፈልቲ መለኮታዊ ባህርዩ



ኾንኩም" ይብለና። ክቡራት ሕዝበ ክርስትያን ንሕና ከምዚ ቃል ኣምላኽ ዝብለና ዘሎ ስለ ዝኾንና ኩሉ ግዜ ክብርና ሓሊና ክንከይድ ዝግብኣና ሰባት ሙኺና ኣይንዘንግዕ፡ ነቲ ክቡሩ ደሙ ምእንታና ዘፍሰሰ፡ ሰማያዊ ክብሩ ገዲፉ መከራ ዝጸገበ ጎይታ ኣይነሕዝኖ።

ኣብ መስቀል ምእታና ተሰቒዩ፡ ክዳውንቱ ኣብ 4 መቒሎም ዕጫ ኣውዲቆሙሉ። እቲ ኣብ 4 ምምቃል ናብ ኣርባዕቲኡ ወገን ዓለም ፍቅሩ፡ ምሕረቱ ከምዝተዘርገሐ ዘመልክት እዩ፡ እቲ ቀሚሹ ግና ምሉእ ብምሉእ እሉም ስለ ዝነበረ ኣይቀደድዎን፡ እዚ ድማ ሓድነት ቤተክርስቲያን እዩ ዘምልክት። መሪር ሓሞት ምስ ኣስትይዎ ድማ ተፈጸመ ኢሉ ሞተ። ንሕና ሕጂ ኣሰሩ ተኸቲልና ከምቲ ኣብ 2ቆሮ 5፡ ካብ 11-ክሳብ ፍጻሜ እነንብቦ፡ መሓርቲ ንኹን፡ ንሓድሕድና ንተዓረቕ። መስቀል ቤት ትምህርቲ ዕርቂ እዩ። እቲ ንሱ ኣብ ልዕሌና ዘለዎ ፍቅሪ መዘና የብሉን፡ ንሕና ድማ ነዚ ፍቅሪ እዚ ሞሳ ክንመልሰሉ ይግብኣና እዩ እሞ ንተኣዘዞ፡ ብመንገዱ ንኺድ። ከምቲ ንሱ ዘፍቀረና ንሕናውን መሓርትን መፍቀርትን ንኹን። ንሱ ምእንታና መከራ ጸገቡ እዩ። ካብ ሞት ናብ ሕይወት ኣሳጊሩና እዩ፡ ድቂ ብርሃን ገይሩና እዩ እሞ ንድሕሪት ኣይንመለስ፡ ቃሉ ብምእዛዝ ፍቅርና ንግለጸሉ" ብምባል ሰፊሕን ዓሚቅን ስብከት ኣስሚዖም። እግዚኦ ምስ ተባህለ ከኣ ብናይ ሓባር ቁርሲ እቲ ብዓል ብመዝሙር ምስጋና ተዛዚሙ።

## ዓመታዊ ክብረ ብዓል ቤት ጸሎት ድብረ መድኃኔ ዕለም እምባደርሆ ታሕታይ

ቤት ጸሎት ደብረ መድኃኔ ዓለም እምባደርሆ ታሕታይ፡ ኣብ ትሕቲ ቁምስና ደብረ ቁስቋም ጀገርትኣብ እዩ ዝምሓደር።

ዓመታዊ ክብረ በዓል፡ ናይዚ ቤት ጸሎት እዚ ከኣ ሓሙስ 6 ታሕሳስ 2018 ብፁዕ ሊቀጳጳስት ኣቡነ መንግስትኣብ ተስፋማርያምን ካብ ከባቢኡ ዝመጹ ነጋድያን ውሉደ ክህነትን ምእመናንን ኣብ ዝተረኽብሉ፤ ብናይ እቲ በዓል መስዋዕተ ቅዳሴን ካልእ መደባትን ተሰንዩ፣ ብዓብይ መንፈሳውነትን ከቢሩ ውዒሉ።

ብድሮ ሮቡዕ ድሕሪ ቀትሪ ዝጀመረ ስርዓት ዋዜማ፣ ያሬዳውያን መዘምራንን ካህናትን፡ ብጥዑም ዜማን ቅኔን፡ንኣምላኽ ከመስግኑን ክውድስዎን ኣምስዮም። ኣብቲ ብለይቱ ዝጀመረ ጸሎት ማኅሌት ድማ ክሳብ ቅዳሴ ዝጅምር ቆይሞም ከዚሙ ኣጽብሑ።ማኅሌት ዘለሊት ምስ ተፈጸመ፡ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥትኣብ ተስፋማርያም ዝመርሕዎ መስዋዕተ ቅዳሴ ዓረገ።

ድሕሪ መስዓተ ቅዳሴ ከምቲ ልሙድ ዑደት ምስ ተገብረ፡ ያሬዳውያን ንኽብረመድኃኔ ዓለም ብዝገልጽ ዜማ ወረብ ገበሩ፡ ኣብ መጨረሻ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣብ ዘስምዕዎ ስብከት "መድኃኔ ዓለም ኣብ መስቀል ዝወዓለ ስለ ዘፍቅረና እዩ። ምእንታና ብኽቢድ መግረፍቲ ተሳቒዩ፡ ገጹ ኣጎልቢቦም ጸፊዖሞ፡ ኣኽሊል እሾኽ ደፊኦሙሉ፡ ኣብ መንጎ ክልተ ሰረቕቲ ሰቂሎሞ፡ ተፈጸመ ኢሉ ድማ ሞተ። እቲ



ክቡር ደሙ ስዒሩ ከኣ ሕይወት ዘልኣለም ረኺብና። ንቤተክርስቲያኑ ብማይን ብደምን እዩ ሰሪትዋ። ሓያል እንከሎ ምእንታና ክብል ድኹም ኮይኑ። ሕጂ ስለ እቲ ዝገበረልና ንኣምላኽ ብኣፍ ጥራይ ምምስጋን እኹል ኣይኮነን፡ ኣየጽድቅን ድማ እዩ። እንታይ ድኣ ከምቲ ንሱ ዝበለና ምስ መበእስትና እንተትዓረቕና እዩ። ነፍሲ ወከፍና ንካቶሊካውነትይ ከመይ ገይረ እነብሮ ኣሎኹ ኢልና ከንሓትት ይግብኣና።

መድኃኔ ዓለም ሎሚ ዝሓተና ዘሎ ኣፍና ጽቡቕ ክንዘረበሉ እዩ። ኣብ ዮሃ 14፡23 "እቲ ዘፍቅረኒ ቃለይ

ክሕሉ እዩ. ." ይብለና። እቲ ቃሉ ድማ ብምሉእ ልብና ከነፍቅሮን ንብጻይና ከኣ ከም ነፍስና ከንፍቅርን እዩ ዝእዝዘና። መድኃኔ ዓለም ዓመት ዓመት ከነብዕል እንከሎና ከምቲ ኣነ ዝደለዮ ግበሩ እዩ ዝብለና። ነታ ፍቅርቲ ወላዲቱ ምእንታና እተማልድ፡ ካብ ወድኺ ፍቅርን ሰላምን ኣማልድልና ንበላ፡ እዚ ተጀሚሩ ዘሎ ሰላም ምሉእ ይግበረልና። ንሕና ብሓይልና እንገብሮ



የብልናን። ናብ መድኃኔዓለም ንቕረብ፡ ውሒድና ጥራይ ምባል ጽቡቕ ኣይኮነን፡ ውሑዳትን ርቡሓትን ኩኑ። ብዝሒ ኣይኮነን ንሰብ ዘካይዶ፡ ገዛቆሞስ ፈረሱ ኣሎ ከነዐርዮ ኢና፡ ግበሩልና ምባል ጥራሕ እኹል ኣይኮነን እቲ ትኽእልዎ ግበሩ፡ ንማህለል ዝለመናዮ ከምዝሰምዓና ንእመን። ቅድሚ ሕጂ መጺኣኩም ነይሩ፡ ሎሚ ከኣ መድኃኔ ዓለም ምሳኹም ክብዕል ብምምጽኣይ ንእግዚኣብሔር ኣመስግኖ። ብሩኽ ኣውድኣመት ይግበረልና። ብምባል ስብከቶም ዛዘሙ። ብድሕሪ እዚ እቲ ብዓል ብእግዚኦታ ተዛዚሙ።

## ክብረ ብዓል ደብረ ጽንሰታ ማርያም መካነሂወት ሆስፒታል

ክብረ ብዓል ናይታ ካብ ትህነጽ 110 ዓመት ዝገበረት ደብረ ጽንሰታ ማርያም መካነ ሕይወት ሆስፒታል፡ ሰንበት 9 ታሕሳስ 2018 ዓ.ም. ብዙሓት ውሉደ ክህነትን ካብየ ቁምስናታት ኣሥመራ ዝመጹ ምእመናንን ኣብ ዝተረኽብሉ ብጸሎት ሳልስትን ብናይ እቲ በዓል መስዋዕተ ቅዳሴን ብዓብይ መንፈሳውነት ከቢሩ ውዒሉ።

ብድሮ ቀዳም ድሕሪ ቀትሪ ዝጀመረ ስርዓት ዋዜማ፣ ያሬዳውያን መዘምራንን ካህናትን፡ ንኣምላኽ ከመስግኑን ንማርያም ክውድስዋን ኣምስዮም። ኣብቲ ብለይቱ ዝጀመረ ጸሎት ማኅሌት ድማ ክሳብ ቅዳሴ ዝጅምር ቆይሞም ከዚሙ ኣጽብሑ።ማኀሌት ዘለሊት ምስ ተፈጸመ፡ ክቡር ኣባ ኣማኑኤል ምስጉን ሓለቓ ማሕበር ካፑቺኒ ዝመርሕዎ መስዋዕተ ቅዳሴ ዓረገ።

ቅዳሴ ምስ ተዛዘሙ ብማእከል መካነ ህይወት (ኦሮታ) ሆስፒታል ብመዝምሩን ብጸሎት መቐጸርያን ዝተሰነየ ድሙቅ ስርዓት ዑደት ተኻይዱ። ብድሕሪ እዚ ያሬዳውያን "ኣማን ብኣማን ተፀንሰት እመ ብርሃን"እንበሉ ወረብ ምስ ገበሩ፡ ተምሃሮ ኮለጅ ስነ ጥዕና ድማ "ኣንቲ ውእቱ ተስፍሁ ለኣዳም ኣመ ይስደድ እም ገነት" እናበሉ ወሪቦም። ካብዚ ብምቕጻል ከኣ ክቡር ኣባ የማነ ሃይሉ ካህን ማሕበር ካፑቺኒ ኣብ ዘስምዕዎ ስብከት፡ "ክቡራን ሕዝበ እግዚኣብሔር፡ ብጸጋ ኣምላኽን ረዲኤት ንጽሕተ ድንግል ማርያምን ከነብዕሉ በቒዕና።
እዛ ዘለናያ ቤተክርስቲያን ከምቲ ካልእ ታቦታት፡ ብፍሉይ ንሕሙማት ከተገልግል፡ ብነፍሲ ክትረድእ ለባማት ሃኒጸማ፡ እምብእርከስ መጀመርያ ኣምላኽ ነዞም ኣብዚ ሆስፒታል ተዓቂቦም ዘለው ወገናትና፡ በቲ ብሰብኣዊ ክእለት ዝተሰርሐ መድኃኒትን ብጸግኡን ምሉእ ጥዕናን ምጽንናዕን ምእንቲ ክህቦም፡ ከምኡ እውን፡ ነቶም ኣለይቶም ኢዱ ኣንቢሩ ብጥበቡ ክድግፎም፡ ክንጽሊ ይግባእ።

ማርያም ብሓይሊ ኣማልድነታ፡ ሓጎስና ምሉእ ኪኸውን፡ ሕማምና ከም ፍቃድ ኣምላኽ ኪቕንጠጠልና፡ ካብኡ ዝተረፈ ንድሕነትና ክኾነልና ተማልደልና። ነዚ ኣሚንና ኢና ሎሚ ኣብዚ እንርከብ ዘሎና። ኣብ (ማቴ 8፡5-13) ብዝበለጸ ከኣ (ሉቃ 7፡1-10) እምነት ሓደ ሓለቓ ሚእቲ ነንብብ። እቲ ሓለቓ ሚእቲ ንሸማግለታት ኣይሁድ፡ ክልምንሉ ይዛረቦም፡ ኢያሱስ ብእምነት ናይቲ ሓለቓ ሚእቲ ተሓጉሱን ተደኒቑን ነቲ ጊልያ የሕውዮ። ኣብዚ ምስጢር ኣማላድነት ነስተውዕል። ካብቲ ሓለቓ ሚእትን ካብቶም ዘማለዱ ሽማግለታት ኣይሁድን ንላዕሊ፡ እታ ሕያወይቲ ኣደ፡ ክሳዕ ክንደይ ነቲ ወዳ ንዝሞተሉ ፍጡር፡ ስም ወዳ ንዝጽውዕ ኣማኒ፡ ብቀረባ ከኣ ኣደ እናበለ ንዝጽውዓ ክትረድእ ናብ ኢየሱስ ወዳ ዘይተማልድ።
ሎሚ ንሕና ብኽልተ ዕላማ ኢና ኣብዚ መጺእና ዘሎና። ምስ ማርያም መማለዲት ኣደ ኮይንና፡ ብጥዕና ደው ኣቢሉና ንዘሎ ጎይታ ከነመስግንን፡ ሰለቶም ብሕማም ተሰኒፎም ዘለዉ ከኣ ከነማልድን እዩሞ፡ ሕሙማትና ኪሓዉዩልና ቅዱስ ፍቃዱ ይኹነልና። ማርያም ብኣማልድነታ ትርድኣና፡ እምነትና የዕብየልና።" እናበሉ ስብከቶም ዛዘሙ። ብሕሪ'ዚ ብጸሎት እግዚኦታ እቲ ክብረ ብዓል ተዛዙሙ።

## ክብረ ብዓል ደብረ ባእታ ማርያም ገዛ ባንዳ

ክብረ ብዓል ደብረ ባእታ ማርያም ገዛባንዳ ረቡዕ 12 ታሕሳስ 2018 ዓ.ም. ብዙሓት ውሉደ ክህነትን ካብየ ቦትኡ ዝመጹ ምእመናንን ኣብ ዝተረኽብሉ ብጸሎት ታስዕትንብናይ መዓልቲ መስዋዕተ ቅዳሴን ብዓብይ መንፈሳውነት ከቢሩ ውዒሉ።

ብድሮ ሰሉስ ድሕሪ ቀትሪ ዝጀመረ ስርዓት ዋዜማ፡ ያሬዳውያን መዘምራንን ካህናትን፡ "ወይቤ ዝየ እኃድር

እስመ ሃረይክዋ” እናበሉ ንማርያም ክውድስዋን ንኣምላኽ ከመስግኑን ኣምስዮም። ኣብቲ ብለይቱ ዝጀመረ ጸሎት ማኅሌት ድማ “ኣእላፍ መላእክት ይትለኣኩኪ” እናበሉ ክሳብ ቅዳሴ ዝጅምር ቆይሞም ከዚሙ ኣጽብሑ። ማኅሌት ዘለሊት ምስ ተፈጸመ፡ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥትኣብ ተስፋማርያም ዝመርሕዎ መስዋዕተ ቅዳሴ ዓረገ።

ድህሪ ቅዳሴ ከምቲ ልሙድ ኩሉን መንፈሳውያን ማኅበራት ነናተን ኣርማን መንፈሳዊ ኣስእልን ሒዘን ብመዝሙሩን ብጸሎት መቑጸርያን እግዚኦታን ዝተሰነየ ድሙቅ ስርዓተ ዑደት ተኻይዱ። ብድሕሪ እዚ ያሬዳውያን ብጥዑም ዜማን ሳዕስዒትን ከበሮን ወረብገበሩ፡ ኣስዒቦም ከኣ ንኣሽቱ መንእሰያት “ባኣታ እኖና ሎሚውን ንብለኪ ኩኒ ኣብ መንገና” እናበሉ ወረቡ። መንእሰያት መዘምራን ደብረ ባእታ ማርይም ድማ ናይ ሓባር መዝሙር ዘሚሮም። ካብዚ ብምቅጻል ከኣ ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥትኣብ ተስፋማርያም ኣብ ዘስምዕዎ ስብከት፡ “ክቡራን ሕዝበ እግዚኣብሔር፡ ናብዚ ናይ እኖና እግዝእትነ ማርይም ክቡር ብዓል ኣብጽሓና። ሳላ ማርያም ኣምላኽ ከማና ሰብ ኮይኑ። ንማርያም “ነፍሰይ ንእግዚኣብሔር ተዕብዮ” ኢላ ክትዝምር ዝገበራ እዚ ሕርየት እዚ እዩ። ኢየሱስ ብፍቅርና ስጋና ከለብስ ስለ ዝፈቐደ፡ ብስም ኩልና እያ ነዚ መዝሙር እዚ ዘሚራቶ።

በኣታ ክብሃል እንከሎ ናብ ቤተ መቅደስ ዝኣተወትሉ እዩ።



ቃል ኣምላኽን ኣምልኾን ከተስተማቅርን ክትሰምዕን ኣብ ቤቱ ኣትያ። ንሳ ድማ ምስ ወለደት ንወዳ ኣብ ቤተ መቅደስ ኣእትያቶ። እኖና ማርያም ኣብቲ መዝሙራ ሰለስተ ዓበይቲ ነገራት ትምህረና፡ 1ይ “ንዕቡያት ሓሳባት ልቦም በተነሎም ንኃያላት ካብ ዝፋናቶም ኣውረደዎም” ብምባል ትዕቢት ሓደገኛ ሙኺኑ ትምህረና። ካብ ትዕቢት ርሓቁ፡ ናይ ሰይጣን ይኹን ናይ ኣዳምን ሄዋንን ቀዳማይ ሓጢኣቶም ትዕቢት እዩ። ትሕትና ማለት ንኣምላኽ ልዕል ምባል፡ ብቃሉ ምምራሕ እዩ። ሰለዚ ማርያም ንዓይ ምሰሉ ትሕትና ልበሱ እናበለት ሞራላዊ ትምህርቲ ትምህረና።

2ይ “ንዝተዋረዱ ልዕል ኣበሎም” እናበለት ኣብ መንጎ ሰባት ፍልልይ ማለት ሌላን ጉሌላን ከይንገብር ትምዕደና። ኩልና ሓደ ኢና ባርያን ጫዋን የሎን። ብዙሕ ግዜ ባዕላትና ብዓሌት ብወገን ፍልልይ ንገብር ኢና። ስለዚ ማርያም ኣዴና ኣይትፈላለዩ እናበለት ማሕበረሰባዊ ትምህርቲ ትምህረና።
3ይ “ንጥሙያት ብበረኸቱ ኣጽገቦም” እናበለት እናተሓጋገዝና ክንነብር ትምዕደና። “ለውሃትን ተደናገጽትን ፈቃራትን ኩኑ፡ ካብቲ ዘሎኩም ንጽጉማት ኣማቅሉ፡ ሃቡ ክትውሃቡ፡” እናበለት ቁጠባዊ ማዕርነት ትምህረና። ፍቐራት ምእመናን ንማርያም ኣዴና ኣብ ኩሉ ጉዕዞና ሓግዝና ንበላ። ንማርያም ኣማልድልና ንበላ” እናበሉ ስብከቶም ዛዚሞሙ። ብድሕሪ እዚ ከኣ እቲ በዓል ብጸሎት እግዚኦታ ተዛዚሙ።

## ዓውደ መጽናዕቲ ንዝኽሪ ኣህጉራዊ መዓልቲ ኤች ኣይቪ ኤይድስ

ካቶሊካዊ ቤት ጽሕፈት ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ ክፍሊ ኤች ኣይቪ ኤይድስ፡ ነቲ ብ 1 ታሕሳስ 2018 ብዓለም ለኸ ደረጃ ተዘኪሩ ዝውዓለ መዓልቲ ኤይድስ ምኽንያት ብምግባር፡ ብረቡዕ 11 ታሕሳሰ 2018 ብዙሓት ዕዱማትን ተኣለይትን ኣለይቲ ሕሙማትን ኣብ ዝተረኽብሉ፡ኣብ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረትናይ ፍርቂ መዓልቲ ዓውደ መጽናዕቲ ኣካይዱ።

ነቲ መደብ ዋናጽሓፊት ካቶሊካዊ ቤት ጽሕፈት ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ ክብርቲ እናቴ ትንሣኤ ሃብተማርያም; ብጸሎት ምስ ከፈትኦ ኣለይቲ ናይ መእተዊ መዝሙር ገይሮም። ብድሕሪ እዚ ከኣ ክቡር ኣቶ ኪዳነ ጸጋይ ምኽትል ዋና ጵሓፊ ካቶሊካዊ ቤት ጽሕፈት ርእሰ ኤጳቅና ኣሥመራን፡ካብተኣለይቲ ድማ ኣቶ ኪሮስ ኣብርሃን፡ ንኤች ኣይቪ ኤድስ ዝምልከት ኣዝዩ ምሃርን መሳጥን ግጥምታት ኣከታቲሎም ኣቕሪቦም።

ካብዚ ብምቅጻል ከኣ ክቡር ሓው ስዩም ፍስሃያ ካብ ማሕበር ተራዳኣያን ኣብ ዘስምዖ ቃል ስብከት “ኣብ ኩሉ ጉዕዞና ክንዕወት እንተኾይኑ ብመጀመርያ ኣብ እግዚኣብሔር ክንውከል ይግብኣና፡ ነዚ ሓላፊ ስጋና ከነጸብቅን ክንከናኸንን ብዙሕ ኢና ንጽዕር፡ እዚ ክንገብር ከኣ ኣብ ገዛእርእሰና፡ ኣብ ሰብ፡ ኣብ ገንዘብ ንውከል ኢና። ስለዚ ንኣምላኽ ክንፈልጦን ክንደልዮን ይግብኣና። ስለዚ ኣካይዳና ነጸብቅ ብንስሓ ናብ ኣምላኽ ንመለስ፡ ኣምላኽ ወትሩ ግዜ ብፍቕሪ እዩ ዝጽበየና” እናበለ ስብከቱ ዛዚሙ።

ድሕሪ ሓጺር ናይ ሻሂ ዕረፍቲ ከኣ ብኣለይቲ ሕሙማት መዝሙር ምስ ቀረበ፡ ብኣቶ መሓሪ ተኽለሃይማኖት ኣውሃሃዲ ክፍሊ ኤች ኣይቪ ኤይድስ ዓመታዊ ጸብጻብ ቀሪቡ። ኣቶ መሓሪ ኣብ ጸብጻቡ ነቶም ኣብ ስርሖም ዝሓገዝዎም ማሕበራት ምስጋና ምስ ኣቕረበ፡ ቀጺሉ

ክፍሊ ኤች ኣይቪ ኤይድስ፡ ኣብ መደብ ዘቤታዊ ምእላይን ምሕብሓብ ሕሙማትን፡ ኣብ መደብ ምክልኻል ምትሕልላፍ ኤች ኣይቪ ኤይድስ ካብ ኣደ ናብ ዕሸል ዕውት ንምግባር፡ ኣብ መደብ ንኡስ ለቃሕን ክምዝነጥፍ ገሊጹ።

ብድሕሪ እዚ ካብ ሚንስትሪ ጥዓና ዝመጻ ክብርቲ ሲስተር ንግስቲ ተስፋሚካኤል “እዚ ንሕሙማት ኤይድስ ብቤተ ክርስቲያን ደረጃ ዝግበር ዘሎ ብጣዕሚ ዘሓጉስ እዩ፡ ንሕናውን ብወገንና ክንሕግዝ ንኽእል እንተኾንና ክንርኢ በብግዚኡ ንጥፈታትኩም ብመልክዕ ጸብጻብ እንተትሰዱልና ሓጋዚ ምኾነ። እዚ ኣብልዕሊ እዘም ሕሙማት ትገብርዎ ዘሎኹም መንፈሳውን ስብኣውን ሞራላውን ሓገዝን ሓልዮትን ኣዝዩ ዝመስግን እዩ፡ ክትቅጽልዎ ድማ ኣተባብዓኩም” ብምብል መተባብዒ ቃል ኣስሚዐን።

ኣብ መጨረሻ ክልተ ተኣለይቲ፡ በዚ ሕማም ምስ ተለኽፉ ዝተሰምዖም ሓዘንን ስቓይን መዳርግቲ ስለ ዘይነበሮ፡ ኣብ ሕማቅ ኩነታት ከምዝነበሩን፡ ኣብዚ ክእለዩ ምስጀመሩ ግና፡ በቲ ዝተገብረሎም ሓገዝን ክንክንን ሂወቶም ኣዝዩ ከምዝተመሓየሸን፡ ዓቢ ለውጢ ከምዝገበሩን፡ ተዳናኒዖም ሕጉስንስሩዕን ሂወት ይመርሑ ከምዘለውን ብምምስካር፡ ስለቲ ዝተገብረሎምንዝግበረሎም ዘሎን ሓጋዝ ብልቢ ኣመስጊኖም። ክብርቲ እናቴ ትንሣኤ ሃብተማርያም ድማ ነቶም ኣለይትን ተኣለይትን ቃል ማዕዳን ምትብባዕን ሂበን ነቲ መደብ ብጸሎት ዓጽየንኦ።

### ዓውደ መጽናዕቲ ኣሕሉቅ ማሕበራት ኣብ እምባትካላ

ብዕለት 14ን 15ን ታሕሳስ 2018 ኣብ እምባትካላ ብጹዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግስትእብን ተስፋማርያም ኣብ ዝተሳተፍዎ፡ ላዕለዎት ኣሕሉቅ ማሕበራትን ሰብ ውፉይ ሂወትን ዓውድ መጽናዕቲ ኣካይዶም።
ዕላማ ናይቲ ዓውደ መጽናዕቲ፡ ብዛብዕባ ሓፈሻዊ ምምርሕታት ክንክን ቖልዑ ኮይኑ፡ ንቖልዑ ክንከናኸኖም ከምዘሎናን  ኣብ ልዕሊ ቖልዑ በደል ምስ ኣጋጠመ ከኣ ቤተ ክርስቲያን ነቲ ነገር ብኸመይ ዝበለ መንገዲ ክትሕዞ ከምዘለዋን ዝብል ሓሳባት ነይሩ። ኩሉን ርእሰ ምሕድርቲ ዝኾና ቤተክርስቲያናት ናይ ርእሰን፡ ምስቲ ናይ ዓደን ዝኸይድ ኩነታት ፖሊሲ ከውጽኣ ናይ ድግን እዩ፡ ሕጂ ቤተክርስቲያና ከኣ ርእሰ ምሕድርቲ ስለ ዝኾነት ምስቲ ናይ ዓድና ዝኸይድ ፖሊሲ ክትሕንጽጽ ሰለ ዘለዋ፡ ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ኣቀዲማ ቆይማ ነዚ ፖሊሲ እዚ እተዳሉ ኮሚቴ ዘቕረበቶ ጽሑፍ ብጹዕ ሊቀጳጳሳት ብዝርዝር መግለጺ ብምሃብ ብመልክዕ ዕውደ መጽናዕቲ ንዘተ ኣቕሪቦሞ።

### ክብረ ብዓል ድብረ ቁስቋም ጀገርታእብ

ክብረ ብዓል ደብረ ቁስቋም ጀገርትኣብ ብዕለት 15 ታሕሳስ 2018 ዓ.ም. ውሉደ ክህነትን ካብየ ቦትኡ ዝመጹ ምእመናንን ኣብ ዝተረኽብሉ ብናይቲ  መዓልቲ መስዋዕተ ቅዳሴ ብዓብይመንፈሳውነትከቢሩውዒሉ።
ኣብቲ ብድሮድሕረቀትረዝጀመረስርዓተ ዋዜማ፡ ብኽብ ዝበለ ጣዕመ ዜማ ያሬዳውያንመዘምራንንካህናትን፡ ንማርያም ክውድስዋ ኣምስዮም።

እቲ ብለይቱ ዝጀመረ ጸሎት ማኅሌት ምስ ተፈጸመ ከኣ፡ ክቡር ኣብ ዮናስ ንጉስ ሊቀ ካህናት ከባቢ ኣስመራ፡ ዝመርሕዎ መስዋዕተ ቅዳሴ ዓረገ። ቅዱስ ወንጌል ምስ ተነበ ክቡር ኣባ ዮናስ ኣብ ዘስምዕዎ ቃል ስብከት፡ “ክቡራት ሕዝበ እግዚኣብሔር ከምቲ ዓመት ዓመት እንደግሞ ማለት ንዓመታ ብኽብረ ከነብዕሎ ኣጽንሓና እናበልና እንምሕጸኖ፡ እንሆ ሎሚ እውን ኣብጺሑናስ ደጊምና እንመባጽዓሉ ግዜ ሂቡና። እዚ ህያብ ልዑል ኣምላኽ ስለ ዝኾነ ብልቢ ክነመስግኖ ይግብኣና።

እግዚኣብሔር ንነፍሳት ክዳሲ ምስ ደለየ ወይ ናብ ድሕነት ክጽውዓና እንከሎ ብቕዱሳት ገይሩ እዩ ዝጽውዓና። ግናኸ ምስ ጸውዓና ናትና ኣውንታዊ መልሲ ይጽበ። እኖና ድንግል ማርያም ግብርኤል መልኣኽ ሰዲዱ ምስ ኣበሰራ “ከምቲ ቃልካ ይኹን” ዝብል መልሲ ሃበት። ቅዱስ ዮሴፍ እውን መልኣኽ እግዚኣብሔር ንሕጻንን ኣዲኡን ሒዙ ናብ ግብጺ ክኸይድ ምስ ተነግሮ ከይተጠራጠረ ከምቲ መልኣኽ ዝነገሮ ፈጸመ። ብትሕትናኡ ንማርያም ምስ ወዳ ሒዙ ናብ ግብጺ ከደ፡ ኣብኡ ከኣ ክሳብ ሞት ሄሮድስ ጸንሐ። ንሕናኸ እግዚኣብሔር ብዝተፍላለየ መንግዲ ገይሩ ትእዛዙ ከመሓላልፈልና እንከሎ ንፍጽሞዶ፧

ኩሉ ዝኽእል እንከሎ መድሃኔ ዕለም ከም ድኩም መጽለሊ፡ መዕረፊ ደልዩ ተጓዕዘ። ይብል። ኢየሱስ ሕጻን ካብ ቅትለት ሄሮድስ ንምድሓን ናብ ግብጺ ከይዱ፡ ስደትን መከራን ረኺቡ። ሕጂውን ሕጻናት ብብዙሕ መንገዲ ብግፍዒ ይቅተሉ ኣለዉ። እዚ ከኣ ሱር ክፍኣት ናይ ደቂ ሰባት እዩ።
ኢየሱስ ሕጻን ናብ ምድረ ግብጺ ምኻዱ ንግብጻውያን ብሓደ ወገን ሰኸም ነይሩ፡  መኽንያቱ መጽለልን ካልእ ነገራትን ክቕርቡሉ ስለ ዝነበሮም ፡ በቲ ሓደ ወገን ድማ ቡራኬ  ነይሩ፡ ምኽንያቱ መድሓኒ ዓለም ስለ ዘዕቆቡ። ፍቁራት ሕዝበ እግዚኣብሔር እዚ ሎሚ ዕለት ዘዘኻኽረና እንተሎ ትዕግስቲ፡ ፍቕሪ፡ ምሕረት፡ ከነዘውትር እዩ ዝላወበና። ቅዱስ ዮሴፍ ጸዋሪ ስንቂ ኮይኑ ሓልዮት ናይ እኖና ድንግል ማርያምን ኢየሱስ ሕጻንን ዘርኣዮ ንዓና ዓቢ ኣብነት ኢዩ ሂቡና። ፍቕሪ ስድራቤት ክህልወና ይዕድመና።” እናበሉ ስብከቶም ዛዘሙ። እቲ ብዓል ድማ ብጸሎት እግዚኣታ ተዛዚሙ።

### ዝኽረ ብዓል መዓልቲ ብፁዕሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥትኣብ ተስፋማርያም

ዕለት 24 ታሕሳስ 2018 ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥትኣብ ተፋማርያም ኣብ ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ